# ህወሓት ትማሊ ሎሚ ፅባሕ

ሰላም ለኩሉ ካብ አዲስ አበባ ዕለት 28/07/2010 ዓ/ም

ህ.ወ.ሓ.ት

ብዛዕባ ህወሓት ትማሊ አነን ንስካትኩምን ብማዕረ እንፈልጦ ውድብ ስለዝኾነ የግዳስ ካባይ ንላዕሊ ትፈልጡዎ እውን ብዙሓት ስለዝኮንኩምን ብዙሕ ዝብሎ የብለይን።ገለ ኢልካ ንምሕላፍ ዘአክል ግን መለለይ ውድብ ህወሓት ንፁር መስመርን መትክላውነትን፣ ህዝባዊነት፣ ውፍይነት፣ ዴሞክራሲያዊነት፣ ሚስጥራዊነት፣ ብፃያዊነት፣ አርሒቑ አማታይነት፣ ናይ አመራርሓ ብቕዓትን መብቕዓይነትን፣ብሓሳብ ዝአምንን ዝምራሕን፣ ሕልው ስነ ምግባርን፣ዴሞክራሲያዊ ጥርናፈን ካፍቶም ቀንዲ ኢልካ ምጥቃስ ይከአል።

እዚኦም ምንጪ ውድባዊ ባህርናን ባህልናን ከምኡ እውን ምንጪ ኩሎም ዓወታትናን ። እዞም ብሉፅነትና ብተግባር አመስኪሮም መስተንክር ክብሃል ዝክአል ዓወት ከመዝግቡ ዝበቕዑ ፉሉያት ሃፍቲ ውድብና ንበይንና ብሒትናዮም አይቀረናን።ናፍቲ ካሊእ ክውይን እየ ዝብል ሃገራዊ ሓይሊ ክዛመቱ ኮይኑ እቲ ዓወት እውን ብኡ መጠን ጎልቢቱ ሃገራዊ ኮይኑን ፀኒሑን። እቲ ኩነታት ከምኡ እንዳሃለወን ወያናይ ኩነታት አብ ዝጥለበሉ ዝነበረ እዋን ኩሉ ካብ ወያነ ትግራይ ተሞክሮ ክቐስም ዘይደልይ፣ ካብ ወያነና ሃሳብ ክቕበል ዘይተሃንጠወ፣ ብደገፍ ውድብና ክዓብይ ኮታስ እቶም ናይ ውድብና ፀጋታት ክላበስ ዘይደልዩ አይነበሩን ክብሃል ይከአል። እንተኤሮም ድማ እቶም ህወሓት ብብረት ዝሰዓረቶም ጥራሕ እዮም ኤሮም።

አነ ህወሓት ሎሚ ኢለ ዝፅውዖ እቲ ብዶክተር ደብረፅየን ክምራሕ ዝጀመረ ውድብ ጥራሕ አይኮነን።እቲ ህዝባዊ መንግስቲ ምስተመስረተ ድሕሪ ውሕድ ዓማውቲ ብፍላይ አብ ጥቓ ወራር መንግስቲ ኢሳያስን ድሕሪኡን ዘሎ ውድብ እዩ።ምናዳ ምናዳ ድሕሪ ፋልማይ ተሃድሶ ዘሎ ውድብ እዩ።እዚ ውድብ ከምቲ አብ እዋን ተሃድሶ 1993 ዝተነፀረ ናብ ከቢድ ፈተና ወዲቑ ዝነበረ ውድብ ኮይኑ እቲ ቀንዲ ፀገም እቲ አብ በረኻ ዝነበረ ውድባዊ ዲሲፕሊንን ባህርን አብ እዋን መንግስት ከመይ ተዓቂቡ ይቐፅል ዝብል እኩል ስራሕ እንተይተሰርሓሉ ደርጊ ወዲቑን ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ድማ እቲ አመራርሓ አብ ካልኦት እዋናውያን ሀገራዊ ጉዳያት ዝተፀመደሉ ኩነታት ተፈጢሩ ስለዝነበረን'ዩ።እዙይ እንትበሃል ብመንፅር እቲ ዝበልኩዎ ዝተሰርሓ ስራሕ አይነበረን ማለት አይኮነን ።ነቲ ከጋጥም ዝክእል ሽግር ብዝምጥንን አፍቲ ተጋዳላይ ዱልዱል ሰረት ሒዙ ክቅፅል ዝተገበረ አይነበረን ዝብል እዩ ሓሳበይ። ስለዝኮነ እውን ድሕሪ ዓወት እቲ ፀገም ፈኸም እንዳበለ ብቐስታ ጉዕዞ ጀሚሩ። ውድብ እቲ ሓደ ብሉፅነቱ ዝነበረ ንኡሽተይ

ዕሳው ጊባቦ ሙሉእ እንጀራ የበላሹ ዝብል እምነቱ ኮይኑ ኣብ 1985ዓ/ም ወድያው እቶም ፀገማት ናይ ምእላይ መድረኻት ክፍጠሩ ጌሩ ምስ ኣባላቱ ናይ ፅሬት መድረክ ከፊቱ ክውሰድ ዝግብኦ ስጉምቲ ክወስድ ፈቲኑ።

ኣብዙይ ኣብ ክል እቲ ፅቡቕ ክልተ ጉድለት ኔሩ ይብል ኣነ።እቲ ሐደ እቲ ፀገም ይውሐድ ይብዛሕ ኣብ ኩሉ ፀፍሒታት እቲ ውድብ ተራእዩ እንዳሃለወ እቲ ፀገም ነቲ ታሕተዋይ ተጋዳላይ ደርቢካ እቲ ስጉምቲ እውን ኣብኡ ከተኩር ተጌሩ። እቲ ካልኣይ ፀገም ኣፍቲ እዋን ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝቐረበ ነቅፌታን ዝተወሰዱ ስጉምትታትን ንፀገሙ ዘይምጥን ንገለ ሰባት ብዘይ መጠን ዝጎድኣን እዩ ኔሩ።ኣብዙይ ምስ ዕላማ እቲ ፅሑፍ ስለዘይከይድ እምበር ብዙሓት ኣስማት ምጥቃስ ይከኣል ኔሩ።ኣብታ እዋን እቲኣ ተጋዳላይ ውድብ ንምድሓን ዝጉዳእ ውልቀሰብ ዋላ ይጎዳእ ብዝብል እንተተቀበሎ’ውን ካብ ፀጋታት ውድብና ኣብ ሕቶ ዘእተወን ክልተ ነገራት ኔረን።እቲ ተጋዳላይ ዝፈልጣ ንመራሒኡ ምንቃፍን ነፃ ሪኢቶኻ ምግላፅን ብፎካስ ማዕፆ ገርበብ ክትብል ተዓዚቡ።እቲ ካልኣይ ኣብ ገለ ሰባት በሎ በሎ ዝዓይነቱ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልስና ተራእዩ ኣይፈልጥን እኳ እንተዘይበልኩ ኣብ ውድብና መለለይና ኣብ ዝኮነ ዴሞክራሲያዊ መድረኻትና ብዝምልከት ኣብ ሓንጎል ተጋዳላይ ሕቶታት ኔሮም እዮም።

ኣብ እዋን ፋልማይ ተሃድሶ ንሕናን ሃገርን ናበይ እዩ መንገድና መዕለቢና’ ኸ? ዝብል መሰረታዊ ነገር መልሲ ረኺቡ እዩ።እዙይ ብዙሕ ሰብ ብልክዕ ሚዛኑ ክርድኦ ኣይርእይን።ሀገር ብምኳናን ወይ ሀገር እንመርሕ ውድብ ስለዝኾናን ጥራይ ዝርከብ ሀፍቲ ጌርና እንርድኦ ብዙሓት ምኳና ‘ዩ። ግን ርሑቕ ኸድና’ኳ ብዙሕ ኣብነታት ምጥቃስ እንኽእል እነተኮና ኣብ ከባቢና ዝኽተልዎ ስርዓተ መንግስቲ እንታይ ምኳኑ ካብ ዘይምፍላጥ ጀሚርካ እቲ መንግስቲ ዝምርሓሎም ፖሊሲታት እንተየነፀሩ ዓዲ ነመሐድር ኣለና እንዳበሉ እንዳበሉ ጥራይ ዝመስዮም ዝወግሖም ብዙሐት ምኳኖም ንርኢ ኣለና።ብርግፅ ንሕና’ውን እንክተሎ ስርዓት ርእስማልነት’ዩ ማለት’ውን ካፒታሊዝም እዩ ንምባል ዝወሰዶ እዋን ቀሊል ኣይነበረን።ብዘይካ ንሱ እንክተሎ ስርዓት ርእሰማልነት ምኳኑ ብደምቢ ንምስራፅ ተባሂሉ ስርዓትና “ፃዕዳ ካፒታሊዝም”እዩ ኢልና ንኣባላትና ምስ ኣምሃርና እኳስ ዝነበረና ዕንክይክይን ምድራዕ ሐሳብ ኣብ ልዕሊ ሐሳብ እንታይ ይመስል ከምዝነበረ ኣብ ተሃድሶ ብዝርዝር ዝተረአየ እዩ።

ስለዝኮነ ተሃድሶና ኣድላይነቱ ዘየተሓትት ኮይኑ ውፅኢታዊ ኔይሩ ዶ ኣይነበረን ንዝብል ምስ ውስንነቱ እታ ዓዲ ዝመፀቶን እትኸዶ ዘላ ውንጬፍ ዕብየት ርኡይ ስለዝኮነ ነዙይ ከርድእ ኢለ እንተተበጊሰ ሀበስቀደስ እዩ ክኸውን ። ከምቲ ኣብ መእተዊ ከባቢ ክገልፆ ዝፈተንኩ ውድብ ትማሊ ኢልና ውድብ ሎሚ ንምርኣይ ትኹረትና ድሕሪ ቀዳማይ ተሃድሶ ዘሎ ኩነታት እዩ ብዝበኩዎ መሰረት ጉዳይ ውሽጢ ውድብ ኣብ ተሃድሶ ከመይ ኮነ?ከመይ እንዳበለ’ኸ ቐፂሉ? ዝብል እዩ።

ብወገነይ እቲ ኣብ መንግስቲን ኣብ ልምዓትን ዝመፀ ለውጢ ዘይሩ ዘይሩ ናይ ውድብ ሃፍቲ ብምኳኑ ኣብ ውድብና ኣወንታዊ ለውጢ ምምፅኡ ወሲደ ድሕሪ ተሃድሶ በብእዋኑ ብልጭ ህልም እንዳበሉ ዝመፁን ገለ ድማ ብዙሕ ዘይልሙዳት ዝነበሩ ፀገማት እናገፍሑ ዝመፁሉ ኩነታት ከምዝነበረ ንርኢ። ከምቲ ልዕል ኢለ ዝገለፅኩዎ ካብ ፅሬት ውድብ 1985 ዓ/ም ጀሚሩ እቲ ኣመራርሓ ብሓፈሻ ብቐንዱ ድማ እቲ ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ተመዲቡ ዝነበረ ኣመራርሓ ንዓይ ገዲፍኩም ተዛረቡ ዝብልን ዴሞክራሲያዊ ተሳትፎ ናይ ምድራትን ነገር ብድሕሪኡ’ውን ተጠናኺሩ ቀፂሉስ ምስቶም ዝወፁ ክኸይድ እዩ ተባሂሉ ዝነበረ ፀገም ኣይከደን ጥራሕ ዘይኮነስ ፀረ-ዴሞክራሲ ካፍቶም ቀንዲ መግለፂ ፀገማት ውድብና ኮይኑ ከጥፍኣና

ቀሪቡ ነይሩ'ዩ።እቲ መለለይና ዝኮነ ህዝባዊነት ምስ ፀረ-ዴሞክራሲ ስኒት ስለዘይብሎም እናተኃደለ መፂኡ እዩ።

ጉቦን ምጥፍፋእን ሽዑ አብ ውሱናት ሰባት ተራእዩ ነይሩ ሎሚ አብዙይ ዘይተንከፈ ሰብ ትረክብ ኢልካ ድልያ ካብ ትጅምር አብ ማርስ በፂሕካ ምምላስ ዝሰልጥ ይመስል።ብፃያዊ ሓልዮትን አነ ቅድሜካ ክስዋእን ዝብል ብታሪኽ ዝነበረ ኮይኑ ተሪፉ አሎ። ውድብና ግልፂ ዝኮነ ሕገ-ደንቢ እንተሃለዎ'ውን ከምቲ አብ ብዙሕ መንግስታዊ ስራሕትና ዝገጥመና ዘሎ ሕጊ ንበይኑ ተግባር ንበይኑ ኮይኑ በቢ ደረጅኡ ዘሎ አመራርሐ ንዕውን ንዝቀርብዎን ወይ ከዓ ብቐጥታ ረብሓ ብዘረጋግፀሉ ኩነት ዝፍፀመሉ ኩነታት አሎ።ካሊእ ተሪፉ ካብ ውድብ ዘባርር ገበን ተባሂሉ ዝተሓገገ እንተይተረፈ ናይ ሰባት መንነት ለልዩ ዝፍፀም ይኸውን አሎ።እዙይ ንምርግጋፅ ነዊሕ እዋን ሃሰው ምባል አየድልን።እቲ አብ ቀረባ እዋን ዝነበረ ተሃድሶን ዝተወሰዱ ስጉምትታትን ምርአይ እኩል'ዩ።

አነ እቲ ሕዚ አብ መወዳእታ ዝተገበረ ናይ ተሃድሶ ምንቕስቃስን ውፅኢቱን ዝምልከት ብመሰረቱ ትኽክል እዩ ኢለ ይአምን።አብ ክሊ እቲ ዘሎ አመራርሓ ኮይንካ ክግበር ዝክእል'ዩ ተገይሩ ምባል ይከአል።ሓደ ሓደ ብፆት እተን ካልኦት ውድባት ብዙ ስለዘይከዳ ናህና በቲ ዝተኸደ ምኻድና ብዙሕ ትርጉም ከምዘይህልዎ፣ናይ ውሽጥና ገበና ንካሊእ አሕሊፍና ሂብና እትን 'አሕት' ዝብሃላ ውድባት ድማ አብ ክንዲ ብኡ መጠን ፀገመን ዝሪአ ነቲ ፀገም በተሊፀን ናይ'ዚ ኩሉ ፀገም ተሓታቲ ህወሓት ኮይኑ ቀሪቡ፣አብ እገለ ዝተወሰደ ስጉምቲ ተጋኒኑ፣እገለ ድአ ንምንታይ ዘይተቐፅዓ ወዘተ ዝአመሰሉ ሪኢቶታት ክቕርቡ ይሰም'የ።

ሓቂ እዩ እቲ ፖለቲካዊ ስራሕትና ርሙስ ስለዝኮነ ብሓደ ሓደ ወገናት እቲ ብሉፅ ተሞኩሮ ኮይኑ ክንሙገሰሉ ዝነበረና ከም ገበነኛታት ተራኢና ክንኮን ኢና። ይኹን'ምበር ንሕና ገዛና እነፅሪ ጎረቤትና ከይፀርፈና ወይ ጋሻ ስለዝመፀና አይኮነን።ፅሬትና ብምሕላውና ጥዕናና ስለዝሕለው'ዩ። ርጉፅ'ዩ ቁፅሮም ሓደን ክልተን ዘይኮኑ ስጉምቲ ክውሰደሎም ዝግባእ ብተራ ሓሳብ ዝተሓለፉ አለው። ካፍቲ አቲናዮ ዝነበርና ፀገም አንፃር ኩሉ ብሓደ ክውዳእ ስለዘይኽእል እቲ ብኽንደይ ፀቕጢ ዝተረኸበ ዓወት ሒዝካ ናብ'ቲ ዝተረፈ ምእታው'ዩ ክኸውን ዘለዎ እብል።

እቲ አነ ዘይስማዕመዓሉ ነገር ናይ እገለ ስጉምቲ ተጋኒኑ ዝብል ኮይኑ ብወገነይ አብ ዋላ ሓደ'ውን ዝተጋነነ ስጉምቲ አይተወሰደን ጥራይ ዘይኮነስ ሕገ-ደምቢ ውድብና ብዝጥሕስ መንገዲ ዝተለሳለሰ ስጉምቲ ተወሲዱ እዩ ዝብል ሪኢቶ እዩ ዘለኒ።ዳርጋ ኩሎም ዝተነቐፉሉን ንቕፅዓቶም ምኽንያት ዝኮነን አብ ውሽጢ ውድብ ካሊእ ጉጅላዊነት ምፍጣር እዩ።እዙይ ምንም ትንታነ ሕጊ ብዘየድልዮ ካብ ውድብ ይባረር'ዩ ዝብል።ምእንተ ምንታይን ምእንተ መንን እዚ ሕጊ ውድብ ተጣሒሱ? ዝብል'ዩ ናተይ ሕቶ።ከምቲ ኩሉኻብ እንብሎ ዝኮነ ሰብ ልዕሊ ውድብን ልዕሊ ዕላማ ህዝቢ ትግራይን ክርአ አይክእልን።ስለዝኮነ እቶም ዝበዝሑ ብምብራር ክቕፅዑ ኔርዎም።

እዚ ፅሑፍ እቲ አብ መድረኽ ተሃድሶና ብዙሕ ዝሓየኽናዮ ፀገማት ናይ ምትንታን ዕላማ የብሉን።ብመሰረቱ ውድብ ፀገም ናይ ምፍላይ፣ምርዳእን ምቕባልን ሕፅረት'ዉን ስለዘይብሉ። እንታይአስ አብ መንጎ ህወሓት ትማልን ህወሓት ሎሚን ዘሎ ጉህሚ ንምርአይ ይጠቅም'ዩ ስለዝበልኩ እዩ። ከምቲ ልዕል ኢሉ ንምጥቃስ ዝተፈተነ እቶም ናይ ህወሓት መለለይ ባህርያት አብ ህወሓት ሎሚ ዳርጋ ቀስ ብቕስ ይነፅፉ አለው። ከምዙይ አብ ዝኮነሉ ኮይና ድማ ብታሪኽ ጥራይ ንክንነብር ነቶም ካልኦት 'አሓት'

ውድባት ከም ቀደም  እንተዘይሰማዕኹምና፣ዝሓሸ ነገር ካባና ጥራይ ተፀበዩ ብዝብል ዝተፈላለየ ዓይነት አሉታዊ ፅዕንቶታት ክንፈጥር ዝርአ።

ምስ እዙይ ብዝተተሓሓዘ ብውነ ይኩን ብዘይምርዳእ  አብ ኢህወዴግ ተፅዕኖ ፈጣራይነትና እንዳቀነሰ መፅኡ ዝብሉ ተጋሩን አባላትን ብተደጋጋሚ ይስምዕ እዩ። ፅዕንቶ ንፈጥር ኔርና ዲና? ንመን ፅዕንቶ ንፈጥር?ንምንታይ? ዝብሉ ክርአዩ ዘለዎም እዮም።ንምንታይሲ ተፅዕኖ ክንፈጥር ስለዘይብልናን ስለዘይግባእን ።ተፅዕኖ እንተፈጢርና ኮይና ከቢድካኒ ኢሉ ዝድብርየና ምኳኑ ፍሉጥ ስለዝኮነ። አወንታዊ ፅልዋ  ምሕዳርን ዕላማኻ  ክተዕውት ዝተፈላለዩ ስልትታት ተጠቒምካ  ምንቅስቓስን  ግን ግቡእ እዩ። እዚ አወንታዊ ፅልዋ እዙይ ግን ንባዕልካ ብሉፅ ኮይንካ ምስትርከብ ጥራይ እምበር ሎሚ እንተሰነፍኩ’ውን ቀደም ብሉፅ እየ ኔይረ’ሞ ንዑ ክፀልወኩም ዝዓይነቱ ፃሕበርበር አይኮነን።

ሓቂ ንምዝራብ  እቲ ሕዚ ዘሎ አመራረሓና አብ ተመሳሳሊ ኩነታት’ዩ ዘሎ ኢለ ይአምን።እዙይ አፍቲ አብ ቀረባ እዋን አብ ውሽጢ ኢህወዴግ እንተይተረፈ ዝተረአየ ፀረ-ህወሓት ዝኮነ ምንቅስቓስ ቀንዲ ምኽንያት ነይሩ እንተዘይበልናዮ’ውን ከም ሓደ ምኽንያት ምውሳዱ ግን ትኽክል’ዩ።

አብዚ ነጥቢ እዙይ እቲ ናይ ልቡ ጌሩ ዝሓድር ዝነበረ ውድብና ሎሚ አብ ዝበዝሑ ጉዳያት ብደምበርበር ክሽዶምን ከም ውፅኢቱ ድማ አብ ብዙሓት ዓውድታት ክወድቕን ኢና ንርኢ።ሓደ ሓደ እዋን ንፁርን ትኽክለኛ ሽቶን ካብ ምሓዝ ዝጅምር ፀገም አለና።ካልአይ ነቲ ዝርካቡ አብ እንፍፅመሉ እዋን ቅጥዒ ብዘይብሉ ክንፍፅሞ ንፍትን።አብ አፈፃፅማ ብነርእዮ ፃሕገርገር  ንኻሊእ ጎዲእና ቅሬታ ፈጢርና ንሓልፍ እሞ ድሓር ሒሳብ ነወራርድ ወይ ብቐጥታ ንባዕልና ንጎድእ።እቲ ዝከፍአ ድማ ክትወድቕ ምስኮነ አብ ቅድሜካ ዘይነበሩ አእማን ፀፍፂፍካ አዕንቂፎምኒ ክትብል ትፍትን።ሽዑ’ውን ንካሊእ ትጐድእ’ዩ ዝኒሄ እቲ ግዕዞ።

እዞም ዝተጠቐሱ አካይዳታትናን ውፅኢቶምን አብ አብ ወሽጢ ውድብና ምስ አባላትን ምስ ህዝብን አብ ዝፍፀሙ መደባት፣አብ ምስ ‘አሓት’ ውድባትን አባላትን ዘሎ ዝምድናን ካልኦት መንግስታዊ መደባትን ዝተርአየን ዝርአ ዘሎን ፀገም’ዩ። ትማሊ እቲ  አብ መዳይ ፖለቲካ ዝአረገ ጨርቒ ብፈትሊ ሰፊኻ  ማይ ክሕዝ  ከምግባርን ከም ካሊእ ናይ ማጅክ ስራሕ ከምተአምር ዝርአ ዝነበረ ውድብና ሎሚ ባህርያት ኩዕሶ እንተይተረድአ፣ኩነታት ሜዳ እንተየፅንዓን ብቀንድነቱ ድማ ሓዱሽ ሕጊ ፀወታ እንተፈለጠን ኩዕሶ ሒዝካ ናብ አንፈት ጎል  ክትጎይ ዘሎ ሃንደፍደፍ ዓይነት ኮይኑ’ዩ ዝስመዓኒ።እቲ ፅሑፍ ነዊሑ ከየፀግም እምበር እዙይ ምስ ሕድሕድ ዝነበሩ መደባት እንዳተአሳሰርካ ብምግላፅ ምርግጋፅ ይከአል ነይሩ እዩ።

አብ ውሽጢ ውድብ ዘሎ ናይ ፖለቲካዊ ስራሕትና ውድቀት ሪኢኻ  ጥራይ’ውን ምርግጋፅ ፀገም የብሉን።ቅድም ክብል ውድብና አብ አባላት ወይ አብ ህዝቢ ዝኮነ ዓንቃፊ  አራእያ ፈኺም ይብል አሎ ኢሉ እንትሓስብ ከይውዓለ ከይሓደረ ሰፊሕን ብቑዕ ምድላው ዝተገበረሉን ፅሑፍ ተዳልዩ ኩሉ አባል በብደረጅኡን አብ ህዝብን ምይይጥ ተጌርሉ ወድያው ይእረም ነይሩ።ሎሚ መንገዱ ተቐይሩ ሓምየትን ካልእ ዓንቃፊ  አተሓሳስባታትን ካፍቲ አመራርሓ እዮም ንታሕቲ ዝወርዱ ዘለው። እቲ ዝበዝሕ አመራርሓ ዓቅሙ ድኩም ስለዝኮነ እቶም ዝፈልጡኒ እዮም እሞ ከም መራሒ አይቅበሉንን ኢሉ ብምሕሳብ አፍቲ ውድብ ወይ ውድባት ዝርአዮን ዝሰምዖን ካሊእ ከይቕድሞ ቶሎ ኢሉ ሓዱሽ ሚስጢር አብ ካፌ ብምውጋዕ ክብሪ ክረክብ ዝደሊ እዩ ዘሎ።

ከም ውድብ ኣብ ዝተረኸበ ሚድያን ኣጋጣሚን ኩነታት ውድብ፣ኣባላትን ህዝብን መሰረት ተጌሩ ዝስራሕ ስራሕ ከምዘየለ ዘረዳድኣና ኮይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ ማሕበራዊ ሚድያ ብፍላይ ፌስቡክ፣ድረ-ገፅ፣ብኣና ዝውነና ራዲዮን ቴሌቪዥንን ካፍቶም ዝሓሸና ስለዝኮና ክነምህረኩም እንብሎም ክልላትን ውድባትን ንታሕቲ ኢና ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ገለ ገለ እዋን ካፍቶም ብውልቆም ብናይ ደገፍቲ መዋጮ ጌሮም ዝደለይዎ መልእኽቲ ብብቕዓት ዘሕልፉ ናይ ሚድያ ሰባት'ውን ንታሕቲ ኢና ዘለና።ሓቂ ንምዝራብ ኣብዚ ኣብ ቀረባ ዓማውቲ ዝነበረ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት እሞ ድማ ማእኸሉ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ዝኾነ ናይ ጥፍኣት ምንቅስቓስ እንትካየድ ካብ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ እሞ ድማ ካብ ህወሓት ትፅቢት ይግበረሉ ካብ ዝነበረ ብዝሓሸ ብቑዕን ቀፃልነት ዘለዎን ስራሕ ዝሰርሑ ናይ ውልቀሰባት ናይ ፌስቡክ ኣካውንት ኔሮም ኢልካ ብድፍረት ምግላፅ ይከኣል'ዩ። ካሊእስ ይትረፍ እቶም ኣብኦም ዘፍለጡ ፀላእትን 'ኣሓት' ሹም ዘለዎም ፀላእትን ንህዝቢ ትግራይን ንውድቡን ኣብ ብዙሕ ክፋል ሕብረተሰብ ከም ሳጥናኤል፣ከም ናይ ኩሉ ሕማቕ ግብርን ሓሳብን ብዓል ዋና፣ከም ናይ ኩሎም ጥፍኣታት መልእኽተኛን ክርአ ፣ብኩሉ ህዝቢ ጋንየን መፅካ ዓይነት ስምዒት ክሐድሮ ንምግባር ዝተፈላለየ ናይ ፖለቲካ ቅኒት ክጥቀሙን ተሳኺዑሎም ንብዙሕ ማሕበረሰብ ከደናግሩን እንተለው ካብኦም ተማሂርካ ነብስኻ ክትከላኸል ዘይምኽኣልን እውን እየ ኔሩ። ከም ብዕራይ ፋሲ.ጋ ክሳብ እትሕረድ ምፅባይ ማለት'ዩ።

ኣብ ህወሓት እቲ ብፀላእቱ እንተይተረፈ ዝምስከረሉ ብደርባዊ መዕቀኒን ብብቑዕ ፖለቲካዊ ትንታነን መን ፈታዊን መን ፀላኢን ኢልካ ፈሊካ ኩሉ ዓቕምኻን ቀልብካን ብምውዳድ ፀላኢካ ምስዓርን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ርሑቕ እዋን ኣብ ብቁዕ መረዳእታን ትንታነን መሰረት ብምግባር ዘቕምጦም ኣመተታትን እዮም። ሎሚ እቶም ኣብ ጠረጴዛና፣ኣብ መንገድና፣ኣብ ገዛናን ኣብ ደቅናን ዝርኣዩ ሓቅታት እውን ንምርኣይ ንፅገም ኣለና። ስለዝኮነ'ውን እዩ ኣብ ውድብና ፀገማት ይርኣዩን ይገፍሑን ኣለው እንትብሃል ንዓና ዝርኣየና ዘሎ መስኖ እንትጋፋሕ'ዩ ዝብልን ኣብ መንጎ ኣመራርሓና ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ኣመራርሓ ውድብናን ኣመራርሓ 'ኣሓት' ውድባትን ገለ ክፍተት ይርኣይ ኣሎ እንትብሃል ኣብ ዝገበርናዮ ገምጋም ከም ሎሚ እውን ተረዳዲእና እይንፈልጥን ሓድነትና ኣጠንኪርና ወፂእና ወዘተ ይብሃል'ሞ ኣብ ሰሙኑ ፋሕ ክብል ትሪኦ።

ሓደ ሓደ እዋን ኣነ ከም ሓደ መሰረታዊ ተጋዳላይ ክኾን ይግብኦ ዝብሎ ወይ ኣይኮንን ኢለ ዝሓስቦ ነገር ብግልባጡ ኮይኑ ይረኽቦ'ሞ እቲ ትሕቲ ኣምላኽ  ኩሉ ይክእሎ ዝብሎ ውድብ ሎሚ ናብ ክንዳይን ትሕተይን ወሪዱ ኢለ  እንተሓስብ ናብ ከቢድ ድንጋፀ ይኣቱ።እዚ ኣብ ቀረባ ኣብ መረፃ ኣቦ ወንበር ኢህወዴግ ዘጋጠመ ውድቀት ኢህወዴግ ካብ ዝምስረት ንነዘ ኣብ መርገፂ ህወሓት ዘጋጠመ ስዕረት ይመስለኒ።ኣብዙይ ዘይፈልጦ ክነብር ስለዝክእል እንተተጋግየ ኣርሙኒ።ብርግፅ እቲ ፀገም ኣፍቲ ናይ ሽዑ ቅንያት ዝነበረ ኣኼባ ዝተፈጠረ ፀገም ኣይነበረን።ቅድሚ ውሕዳት ዘይብሃሉ ዓማውቲ ጀሚርካ እቲ ኩነታት መኣዝኑ ስሒቱ ጉዕዞ ከምዝጀመረን እቲ ከጋጥም ዝኽእል ፀገማትን ሳዕቤኑን ንዓይን ንመሓዙተይን ቁልጭ ኢሉ ይርኣየናን  ነዕልለሉን ኔርና። ካባና ዝሓሹ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ድረ-ገፃት ፅሒፎምን ክእረም ሓቲቶም'ዮም። ኣመራርሓ ውድብና ድማ እቲ ፀገም ኣሎ ግን ብዕምቀት ብምህዳስ ናብ ሓደ ኣተሓሳስባ ይምፃእ ኣሎ ኢሎም ይኣምኑ ኔሮም።

ኣፍቲ መረፃ እዋን እንተይተረፈ ውድብ ጌጋ  ነይርዎ ብሃሊ እየ። ጌጋ'የ ኣይኮነን ክንከራኸር ንኽእል ኢና።ብዝኮነ መመዘኒ ብፃይ ደብረፅዮን ናብ ውድድር ክቐርብ ኣይነበሮን ይብል።ኣፍቲ መረፃ ዝተገበረ ክትዕ ተቐቢለ እቲ ድሓር ዝሃቦ ምኽንያት ኣቕሪብካ ናብ መረፃ ከምዘይንቐርብ ሓቢርካ ደው ምባል

ይክአል ኔሩ።ከምቲ ፀላእቲ  ዓዲ ንምፍራስ ዝተመነይዎ እንተዝኸውን ነይሩ አፍቲ ሕዚ ዝንሄ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ንብፃይ ደብሪፅ ምምራፅ'ዩ ነይሩ። እቲ መረፃ  ስዒቡ ደብሪፅ ንፋና ቴሌቪዥን አብ ዝተዛረቦ 'አይትምረፁኒ ኢለ ጎስጓስ ስለዝገበርኩ ሰሚዖምኒ የቀንዮም' ክብል ተሰሚዑ።አብ ውድድር አቲካ ድምፂ ምስተቐፀረ ምትራፍካ ምስተፈልጠ ሰሚዖምኒ ምባል ይክአል ምኾኑ እርግፀኛ አይኮንኩን። ብዘይካ እዙይ አብ መቐለ ተመሊሱ ምስ ተሓተተ 'አነ ዝተረፍኩ ናይ ብቕዓት ገለ አይኮነን' ክብል ብቑዕ አይኮነን ዝብል ዲኩም ጠርጢርኩም ዝትርጉሙ  ሃሳብ  አቕሪቡ ።ብዝኾነ በቶም ዝቐርቡ ዝቐነዩ ሓሳባትን ስምዒቶምን ብዙሕ ሕጉስ አይነበርኩን።

ዶክተር አብይ አሕመድ ከም አቦ ወንበር ውድብን ጠ/ሚኒስቴር መንግስትን ኮይኑ ምምራፁ ካብ ብቕዓቱ ጀሚርካ ዘለው ፀገማትን ነዙይ ተረዲኦም  ነናብ  ረብሓኦም  ሸለው ላጋ ከብልዎ ዝደልዩ ዘለው ናይ ቀረባን ርሑቕን ፀላእቲ  ምህላዎም፣ ንስልጣን ዘለዎ ባህጊ ጠርዙ ዝሰሓተ ምኳኑ፣ ነዚአ ከይስእና ምስ ዝኾነ ሓይሊ ክተዓረቅ ዘሎ ተክእሎ ዕፁው ዘይምኳኑ፣ ካፍቶም ናይ ስርዓትና ሐደጋ ዝብሃሉ ናይ አራእያ ፀገማት ሓደ ዝኮነ ፀቢብነት ካፍቶም ቀንዲ ተሸከምቲ ሓደ ምኳኑን ብመንገዲ ህዝበኝነት ናብ ስልጣን ስለዝመፀ ነዙይ ክቕፅለሉ ዝክእል ምኳኑን ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ አብ ውድብናን ህዝብናን ዝበዛብዔ አተሓሳስባ ምህላው፣ውድቡ እውን አብ ተመሳሳሊ አተሓሳስባ ምህላው ወዘተ ንወያናይ ዴሞክራሲ መስመርና ውድቀት ምኳኑ ጥርጥር የብሉን።

ካብ መራሕትና ጀሚርካ ዝርአ ዘሎ ሰማይ ዝፈረሰን መሬት ዝተገልበጠትን ዝመስል ስምዒትን ነዙይ ዘጋህዱ ነፀብራቓትን ከምኡ ድማ ካብ እገለ መስራቤት ከባርረና እዩ፣ንእገለ ትካል ከፍርሶ እዩ፣ ከምኡ እንተኮይኑ ድማ ናብ ውግእ ምእታውና እዩን ካልኦት ስግአታትን ንዕዘብ አለና። አባልና ናብ 1966 ዓ/ም ዝተመልሰ ኮይኑ ይስምዖን ሞራሉ መሬት ዘቢጡ አብ ዓብይ ፅልምትምት አትዩን 'ሎ። እተን ካብ ውድብ ንላዕሊ አንፃር ትምክሕትን ፀቢብነትን ክረማረማ ዝፀንሓ ናይ ወናማት ተጋሩ  ናይ ፌስ ቡክ አካውንታት ዝብልኦ  ጠፊእወን መብዛሕትአን ካብ ናይ አብይ አሕመድ መረፃን ሹመትን ምዝጋብ ተቐጢበን ገፃተን ከም ኩሉ ክርስትያን ፆም አርብዓ ፀይመን ትርኢ። ውሑዳት ድማ ናብ ደጀን አንሳሒበን ናይ ዕጥቂ ቓልሲ  ቪድዮን መልእኽትን ክልጥፉ ንዕዘብ  ቀኒና።መራሕትና'ውን አብ መመስራቤቶም ናይ ተሰዓራይነት ስምዒትን ገፅን ከንፀባርቁን ንዕኦም ሪኡ እቲ ሰራሕተኛ  ክድሃልን ቀንዩን አሎን። አብ ብዓለ ሹመት አብይ አብ ፓርላም  ካብ ዝነበሩ አባላት ህወሓት ሓደ ሓደ ዘየጣቕዑ ምንባሮምን ደብሪፅ ኩሉ አባል ፓርላማ እንትትስእ ምስ ሽፈራው ደንጉዮም  ምትሳእን ኩሉ አካል ናይ'ቲ  ብቓልስኻ  ዘምፃእኻዮ ዓወት እንዳሃለወ  ነብስኻ ምስ ምሩኻት ምስራዕ 'ዩ ነይሩ። ንሳቶም ንገዛኢ ፓርቲ ስዒሮም ዝተመረፁ ተቓወምቲ አምሲሎም ይጉስጉሱ አለው ንሕናው መብዛሕትና  ንስዕረትና በቲ ደረጃ ንሱ ጌርና ንወስድ አለና።ከምኡ እንተዝኸውን'ከ ?

ንምኳኑ ንሕና ንምንታይ ኢና ተጋዲልና? ንሕና ዝተጋደልና አፍታ ሃገር ካፍቲ ካሊእ ንላዕሊ ፀብለልታ ክህልወና  ምእንቲ  አይኮነን፣ ንሕና ዝተጋደልና ጠ/ሚኒስቴር ምእንቲ ክንከውን ወይ ድማ እገለን እገለን ዝብሃላ ናይ ፌደራል ቤት ዕዮታት ምእንቲ ክንውንን አይኮነን፣ንሕና ዝተጋደልና አብ ዝኾነ መድረክ ንሕና እንብሎን እንሓስቦን ኩሉ ሻዕ ምእንቲ ክንስማዕ አይኮነን።ንሕና ዝተጋደልና አብ ልዕሌና አብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ተፃዒኑ ካብ ዝነበረ ብሔራዊን ደርባውን ወፅዓ ንምንጋፍን  ንናይ ኩሎም ህዝብታት ማዕርነት ምርግጋፅን እዩ።ናይ ብሔር፣ናይ ኃይማኖት፣ ፖለቲካ፣ናይ ኢኮኖሚን ማሕበራዊን መሰላት ብዘይ ምሽርራፍ ንምርግጋፅ'ዩ።

መጋደሊና እዙይ እንተኮይኑ ንሕና ንኹን እቲ ካሊእ ብዴሞክራሲያዊ መረፃ ባዕልና ንባዕልና ክነመሓድር አብ ዝበቓዕናሉ፣ ይትረፍ አብ ውሽጢ ኢህወዴግ ኮይኖም ግን ድማ ዋላ አብ ዝተዛብዔ አተሓሳስባ ኮይኖም  ብእምነት ደረጃ  ክርስትያን፣ፕሮቴስታንትን እስልምና እምነት ዝኸተሉ ካብ ጠ/ሚኒስቴር ጀሚርካ አብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ናይ መንግስቲ ስልጣን ምእታዎም  ብብሔር  ደረጃ ድማ ኦሮሞን ወላይታን ብዘቐመጥናዮ ስርዓት አግባብ ተመሪፆም ናብ ሓላፍነት ምምፃእስ ይትረፍ አብ ህዝቢ ትግራይ ዝመረረ ፅልኢት ዘለዎም ካብ ፖሊሲታትና ወፃኢ ካሊእ መማረፂ ሒዞም ዝቐረቡ'ሞ ዋላ ብጌጋ ህዝቢ ብዴሞክራሲያዊ አግባብ እንተመሪፅዎም ብፀጋ ክንቅበል ጥራይ ዘይኮነስ ካብ ዝተጋደልናሎም ዕላማታት ሓደ ሽቱኡ ወቺዑ ኢልና ክንሓስብ ዶ አይግብአናን'ዩ።

ብካለእ ገፅ ግን ክፍተት ዝረአናላ በሪ ኩላ ትግራዋይ ሓላዊ ማዕፆ ክንገብረላ  ግድን ድዩ። ብስሩ'ኸ እተን ንሕና  እንመርሓን ዘለዋ ቤት ዕዮ ፌደራል መንግስቲ ቁፀረን ውሕዳት ድየን? በየናይ መመዘኒ እዩ እዘን ኩለን ትርጉም ዘለወንን ዘይብልንን ቢሮታት ንሕና ንመርሓን ዘለና? ከም ናይ ስነ-ምግባር መኮነን እተን ንሕና ሚኒስትር ዘይመደብናለን መስራቤታት እዞም ኩሎም ድኤታታት  ምምዳብና ንውድብናን ንህዝቢ ትግራይን ዘምፅኦ ረብሓ እንታይ አሎ ? ዝብሉ ድሕሪ ምርአይና ዝኮነስ ይኹን ንሕና ብምምራሕና መርአያ ውፅኢት፣መርአያ ፅቡቕ ስነ-ምግባርን ምርአያ ውፅኢታውነትን ዶ ጌርናየን ኢና? በፍፁም አይገበርናየንን።  እተን ብአና ዝምርሓ ብዘይካ ሓደ ክልተ ኢልካ ዝቑፀራ እተን ብዙሓት አብ ምምሕዳር አዲስ አበባን ገለ አብ ፌደራልን ዘለዋ ቢሮታት ብብልሽውና ዝሕመያን ናይ ተረዳዲእኻ ምስራሕ ፀገማት ዘለወንን ኮይነን ውፅኢተን ድማ ንኽብሪ እቶም ብኔትዎርክ ዝተመደቡ ውልቀ ሰባትን አብ ቁም ነገር ዘለዎን ዘይብሉን ከም ናይ ትግራዋይ ልዕልነት መጥቀሚ አጀንዳ ፀላእትን እየን ኮይነን ፀኒሓን።

እስኪ ናብ ዶ/ር አብይ ንመለስ።እቲ አብ ዝተገበረ ኩሉ አኼባን ድሕሪኡ ዝውሃብ መግለፂን ናይ ህወሓት ልዕልነት ከምዘየለ አረጋጊፅና ወፂና ዝብሃል ደርፊ ገዲፍና  ናይ ህወሓትን ትግራዋይን ልዕልነት አሎ ኢሎም ዝአምኑ ወይ ክአምኑ ዝደልዩ ዶ/ር አብይን ውድቦም ኦህዴድን ተጠቀስቲ እዮም። 'ንህወሓት ልክዑ ንምእታው'፣ ክሳብ ሕዚ ተገይሩ ዘይፈልጥ ብዘመና ተጌሩ ንምባልን እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ክወስዱ ይኽእሉ?ህወሓት ነዙይ ከመይ ክፈትሖ እዩ ዝደሊ ዘሎ? ብወገነይ እዞም ዝስዕቡ ካብ ዝከፍኡ ክሳብ ዝፎኽሱ ዝብሃሉ ፀረናን ፀረ-ፖሊሲታትናን ክወስዱ ዝኽአሉ ስጉምትታት'ዮም ኢልና እንተሓሰብና አይኸፍእን ብሃሊ እየ።

ካፍቲ ዝኸፍአ ዝብሃል ንምጅማር እቶም ግልፂ ዝወፁ ፀላእትን ባዕልቶምን ብዝሰርሑዎ ስራሕቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ኢትዮጵያ አብ ህወሓት ክቱር ፅልኢት አሕዲሩ አሎ ኢሎም ስለዝአምኑ ድጋፍና ሐፍ ክብሎ እዩ ኢሎም ብምእማንን ንዓለም ዘገርም ሓዱሽ ታሪክ ክንሰርሑ ካብ ዝብል ጀብደኝነትን እቲ ምስ ብአዴን ዝተጀመረ  ዘይወያናይ ዝምድና ብምጥንኻርን አብ ደኢህዴን አብ ኢዋን መረፃ አቦ ወንበር ዝተረድኡወን ምልክታት አብ ደኢህዴን ምስ ህወሓት ናብ ኩርፍያ ዝአተው ከምኒ አይተ ኃይለማርያም ዝበሉ አመራርሓ ብምሓዝ ድምፂ አኻኺብካ ግዜ ነውሓ ሓፀረ ንህወሓት ካብ ዝመስረቶ ውድብ ኢህወዴግ ክባረር ክሳብ ምግባር ክሓስቡ እዮም።ካሊእ ክምቲ አብኩለን አኼባታት ክገልፅዎ ዝፈተኑ ካፍተን ናይ ትግራዋይ ልዕልነት ይግለፀለን ዝበልወን መ/ቤታት እተን ቀንዲ ምክልኻል ድሕንነትን ኮይነን አብዚአን ርኡይ ዝኮነ ናይ አወዳድባን አመራርሓን ለውጢ ምግባር'ዩ።

ህወሓት ካፍቲ ካሊእ ህዝቢ ነፂልናዮ ኢና ኢሎም ስለዝአምኑ ህወሓት ንምድኻም እቲ ዝዓበየ ካብ ህዝቢ ትግራይን አባላቱን እንተተነፂሉ እዩ ዝዕወቱ ስለዝኾነ እቲ አፍቲ ትግራዋይ ብፍላይ አብ አዲስ አበባን ፌደራልን ዘሎ አባል ህወሓት ዝተፈላለየ ተፅዕኖ ብምፍጣር ህወሓት ከምዘይተድሕኖ ክርኢ ብምግባር እቲ አባልን ህዝብን አብ ልዕሊ ውድቡ ከንፀርፅርን ተስፋ ክቖርፅ ምግባርን ብኻሊእ ገፅ ድማ ካፍቲ አመራርሓ ጀሚርካ አብ ቀንጠብጠብ ንዝአተወ ክንአስረካ ኢና ኢልካ ብምግዳድ ከምኡ ድማ ስስዓ አለዎ ንዝበልዎ ብሽመትን ሽልማትን አፍቲ አመራርሓ ክፍተት ክትፈጥር ምፅዓርን ክንዲዝሰለጠካ ምኻድን'ዩ።ብዘይካ እዙይ ብዘይ ስሩዕ መድረኽ ምስተን 'አሓት' ዝብሃላ ውድባት እንዳተዛተኻ ካብ ናይ ኢህወዴግ ስ/ፈፃሚት ውሳነ ወፃኢ ውሳነታት ምውሳንን ምትግባርን።ክም ውፅኢቱ ድማ አብ ፖሊሲታት ለውጢ ምግባርን ምሽርሻርን አብ መወዳእታ ድማ እቲ እንዳሰርሑሉ ዝመፁን ውፅኢት ረኺብናሉ ዝብልዎን እቲ ፀረ-ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ብግልፅን ብዝተፈላለየ ሽፋንን ናይ ሚድያን ካልኦት አግባባትን ብምጥቃም ፀለመ ምቕፃልን ወዘተ ከጋጥሙ ይኽእሉ እዮም ኢለ ዝሓስቦም እዮም። ውድብና ከመይ ክአልዮምን ክኸዶምን ይደሊ ይህሉ?

ብወገነይ ብብዙሕ ምኽንያት ብገርጨውጨውን መንገዲ ምትህልላኽን ክንከዶ አይግባአናን ዝብል ሃሳብ አለኒ። ናይ ፖለቲካ ብሉፅነትና እነርእየሉ መድረኽ እውነ ኮይኑ ይስምዓኒ። እቲ ሓደ ሓደ እዋን አብ አመራራሓናን አባልናን ዝርአ ንስምዒትካ ተገዛኢ ኮይንካ ምትፍናንን 'ዝገብርኦ ክንርኤን' ኢና ዝዓይነቱ ስምዒትን ተግባርን ነቲ እዋናዊ ኩነታትን ባህሪኡን ዘይምርዳእን ጎዳኢን ኮይኑ ይርድአኒ። አብዙይ ርሑቕ ከይከድና አፍተን ዝሓለፋ ክልተ ሰለስተ ዓማውቲ ዝነበረና ከቢድ ፈተናን ውድብ ዘርአዮ ትዕግስትን ነቲ ሕዚ ዝንሄ ሰላማዊ ኩነታትን ዝኸፍአ ተወሳኺ መስዋእቲ ካብ ምኽፋልን ከምቲ ንሳቶም ዝሓሰብዎ 'ዓዲ ዋላ ብትን ትበልን' አድሒኑ እዩ።ሎሚ'ውን ተመሳሳሊ ሓላፍነት አለና እየ ዝብል። እዙይ ማለት ዕላማታትናን ረብሓታትናን አብ ዕዳጋ ብምእታው ኩሉ ሕራይ ንበል ማለት ከምዘይኮነ እንተይረሳዕና። ከመይ ጌርና ድአ ድሌትና ነማልእ? ንምንታት'ከ ኢና ከምኡ ንኸዶ?

እቲ ሕዚ ዝንሄ ኩነታት ካፍቲ አንፀላልዩና ዝነበረ ናይ ምጥፍፋእን ምጭፍጫፍን ከምኡ'ውን ከም ሃገር ናይ ምብትታንን ሐደጋ አዕርዩ ዝሓሸ ስለዝኾነን አብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኸሓነ ፅልኢ ዘለዎም ተቓወምቲ ስዒሮም ስልጣን እንተዝሕዙ'ውን ነቲ ኩነታት ተቀቢልካን አብ ፌደራል መንግስቲ ዝኾነ ብፅሒት ከይህለወናን ምቕፃል ግድን ስለዝነበረን ብንፅፅር ከም ሓደ ሰናይ አጋጣሚ ምውሳድን አብኡ ተመስሪትካ ረብሓ ህዝብካ ክተማልዕ ተክእሎታት አሎ ኢልካ ምእማን የድሊ። ዕላማና ስለዝኾነ'ኮ ምስ ደርጊ እንተይተረፈ ክንዛተ ቅርቡነትና ገሊፅና ኔርና ጥራይ ዘይኮነስ አብ አፍ አዲስ አበባ ኮይና'ውን አብ ለንደን ምስ ደርጊ ንዛተ ኢልና ልኡኽና ሰዲድና ኔና።

ቅድም ቀዳድም ንሕና አብ ህዝብና እንሰርሖ ስራሕቲ ብቐንድነቱ  አብ ትግራይ እዩ።እዙይ ክንገብር ቅድም ቀዳድም ሰላም የድልየና ስለዝኮነ እቲ  ዝበልክዎ መንገዲ  ምምራፅ  ዝሓሸ ይኸውን።  እቲ ካሊእ እቲ ዝመፀ ለውጢ ውፅኢት ቃልስና ስለዝኮነ ክነኽብሮን ክንድግፎን ስለዝግባእ'ውን እቲ ዝበልኩዎ መማረፂ ክውሰድ ዘለዎ ይኸውን።ብኻሊእ መልኹዑ ድማ ፈተና ፀላእና ብናይ ባዕሉ ሕቡእ አጀንዳ፣ ብዘይምፍላጥን ብምድንጋርን፣  በቲ ብመንገዲ ህዝበኝነት ብዝተገበረ ጎስጓስን ዝበዝሕ ህዝቢ ነቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ለውጢ አመራርሓ ብተስፋ ተቐቢልዎ አሎ።ስለ ዝኾነ ንሕና ከም አመራርሓ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ህዝቢ እውን አብዚ መዳይ እነርእዮ ጉድለት ነቲ ብፀላእቲ ህዝቢ ትግራይን ውድቡን ካብ ናይ ህዝቢ ድሌት ወፃኢ ካሊእ ድሌት ዘለዎም ዘምስል ምልዕዓል ከም መረጋገፂ ዕድል ንምሃብን ነቲ ካብ ክልልና

ወፃኢ ዘሎ ህዝቢ ትግራይ እንደገና ታርጌት ክንገብሮ  እምበር ብዙሕ ፋይዳ አይህልዎን።ብምኻኑ ድማ አመራርሓ ውድብና ካብ ማንም እዋን ንላዕሊ ምስ ዶ/ር አብይ ተቐራሪቡን ተሓጋጊዙን ብምስራሕ'ዩ ውሕሉል ብዝኾነ አግባብ አፍቲ ዘሎ ኩነታት ኮይንካ ረብሓና ንክነረጋግፅ ክንሰርሕ ዘለና ዝብል ሪኢቶ አለኒ።

እቲ ቀንዲ ንዓና ዘገድስ ንምንታይ ወዲቕና ዝብል እዩ።ውድብና ንምንታይ ካብ ትማሊ ንነዘ ክንድዙይ ዝአክል ምድኻም አጋጢሙዎ ዝብል'ዩ።መልሱ ድማ ከምቲ ተደጋጊሙ ዝተባህለ ናይ ፀላእትና ጥንካረ ዘይኮነስ ናይ ባዕልና ካብ ቃልሲ ሃዲምካ ናይ ባዕልኻን ዝመስሉኻን ረብሓ ክተማልእ ሃሰው ክትብል ምውዓልን ንውልቃዊ ስምዒትካ ክትነብር ምድላይን'ዩ።ብዙሕ ሰብ ውድብና ምድኻም ዝጀመረሉ እዋን አብ እዋን አባይ ወይ ደብሪፅ ጌሩ ይወስድ'ዩ።ናተይ ሪኢቶ ካብዙይ ዝፍለ'ዩ።ውድብ  ምድኻም ዝጀመረሉ ድሕሪ ፋልማይ ተሃድሶ እቶም ምስ'ቲ ለውጢ ምስማር ዝአበዮ መራሕቲ  ምስ ወፁ እቲ ዝተፈጠረ ናይ አመራርሓ ክፍተት ንአመራርሓ ብዝበቕዑ ሰባት ክንመልኦ ብዘይምኽአልናን ከም ውፅእቱ ድማ ናይ ውሽጢ ውድብ ፖለቲካዊ ስራሕቲ  እንዳሞተ  ምምፅኡን  ኮይኑ  እቲ ዝኸፍኤ ድማ ተተካእቲ አብዘየዳለናሉን አብ ትርጉሙ እንተይተረፈ እኹል ምርድዳእ አብዘይገበርናሉን አብ ልዕሊ ጉዕዞ ምድኻምና ምስ ዓቅምና እንዳሃለና ንቑልቁ ክንኑቐት ምትኽኻእ ዝብል ሓሳብ ምስ መፀን አብ አፈፃፅምኡ ዝፈጠርናዮ ምፅያቐን'ዩ።አብዙይ ንብፃይ መለስ ዘለኒ ፍቕርን አምልኾን አብ ቦቱኡ እንዳሃለወ'ውን እቲ ዝገለፅኩዎ ሽግር ግን ብዝያዳ ንዕሉ ይምልከት ዝብል ሪኢቶ አለኒ።

ህወሓት ሎሚ ካሊእ እንታይ ትግበር ንዝብል ብዙሕ ሓዱሽ ዘይኮነ ከም መዛዘሚ ፅሑፈይ ዝተወሰነ ሓሳባት ከልዕል።ብናተይ እምነት ህወሓት እቲ ዝነበራን ዘለዋን ዓቕሚ ስለዝፀንቀቐት አይኮነትን ናይ አመራርሓ ድኽነት ዝገጠማ።እቶም ዝነበሩ ንፖለቲካዊ ዓቕሞምን ኩለመዳይ ብቕዓቶምን ከምኡ'ውን ታሪኻዊ አመፃፅአኦም አብ ግምት እንተይ አእተኻ በቢ ናይ ውልቅና ስምዒትን ዝምድናን ሰባት ናብ ኃላፍነት ምምፃእ ስለዝነበረ  እቶም  ክኾኑ ዝግብኦም ብፆት ቦታ ብዘይምርካቦምን ሕዚ'ውን እንተኾነ ብኹለመዳይ መለክዒታት ካፍቶም ዝበዝሑ አባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ውድብን ዝሓሹ ካድረታትን ዝጥምቶም ዝሰአኑ ትሕቲ ካድረታት ዝኾኑ አባላትን ብዙሓት እዮም። ስለዝኮነ አቐዲምካ እቲ አፍቲ ዘሎ አመራርሓ ኮይንካ ዝተጀመረ መስርሕ ተሃድሶ በቲ ዝተጀመሮ መንገዲ  ተጠናኺሩ ሽቕፅል ምግባር'ዩ።አፍቲ ካድረ ብዝግበሩ ተግባር ተኮር ገምጋማት ብዓቕምን አራእያን ዝሓሹ መራሕቲ እንዳለለና ንኺድ።

ምስ'ቲ አብ ሃገር  ተፈጢሩ ዘሎ ለውጢ ተተሓሒዙ ዝርአ ዘሎ ፀምለውለው ዝፈትሕ ፅሑፍ ተዳልዩ እቲ ሰብ መአዝኑ እንተይሰሓተ  ምይይጥ  እንተዝግበር። ናብ ፌደራልን አዲሰ አበባን እንምድቦም ሰባት ብቕዓት፣ናይ አራእያ ፅርየት፣ናይ ተግባርን ውፅኢትን መርአያ ዝኾኑ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን መን ምኻኖን ብግብሪ ዘመስክሩ ሰባት ምምዳብ።በዚ መምዘኒ እቶም ሕዚ ዘለው ሰባት ምፍታሽን ምትዕርራይ ምግባርን ኮይኑ እቲ ቀንዲ ስራሕ ግን አብ ቀፃሊ ጉባኤ ዝስራሕ ወሳኒ ስራሕ'ዩ።

ፈለማ ውድብ አብ ምድሓንን ምድልዳልምን ዝሓልኩ ሕገ-ደንቢ እንተሃልዮም ምፍታሽን ምዕራይን።አብ ውድብና እቲ ዝነበረ ክብሪን ርዝነትን ህወሓት ብዝተወሰነ ደረጃ ናብ ቦትኡ ንምምላስን ሓደራ ህዝብና ብዝሓሸ ደረጃ ንምትግባርን ዋላ ካፍቶም ብኽብሪ ዝወፁ ብፆት አብ ከቢድ ቅሬታን ቀንጠብጠብን ዘይአተው ሰባት ብለቦዋ ዝምለስሉ ኩነታት ምምችቻው።እዙይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዒቕ ዝብሎም ከምዘለው ይፈልጥየ። ይኩን እምበር ምእንተ ክብሮም ዘይኮነስ  ምእንተ ክብሪ  ውድብናን ህዝቢ

ትግራይን ኢልካ ክትግበር እንተዝኽእልን አፍቲ ቀፃሊ መረፃ ካፍቲ ዝተለመደ አካይዳና ወፃኢ ዝበኞዑ ሰባት ተመዚዞም ናብ አመራርሓ ውድብ ዝመፅሉ ኩነታት ምፍጣር ግድን እንተዝኸውን።እቲ ካሊእ ብኢህወዴግ ደረጃ እንተኽኢልና እቶም አጋር ውድባት ዝብሃሉ ብዝክአል መጠን ናብ ኢህወዴግ ዝአትውሉ ኩነታት ምፍጣር’ዩ። እዚኦምን ካልኦት ብናተይ  ናይ ዓቅሚ ድሩትነት ዘይተገለፁን ስራሕቲ ብምስራሕ ፅባሕ እቲ ትማሊ ብኩለመዳይ ተምሳሌት ኩሎም ዓወታት ዝነበረ ህወሓት ናብ ቦትኡ ክንመልሶ እንኽእል።

ውድብ እዙይን ካሊእን ጌሩ ረብሓን ድሌትን ህዝቢ ከማልእ እንትሰርሕ ንሕና አባላትን ህዝቢን ድማ ዝፅበየና ከቢድ ዕማም አሎ።ህዝብን ውድቡን ንምድኻምን ከምቲ ናይ ቀደም ሕልሞም ንምምብርካኽን ለይቲን ቀትርን ሰሪሖም ዝተዓወትሉ አሎ ዘይተዓወትሉ’ውን ክምኡ። ሕዚ እቲ ቀንዲ ዝተርፎም ስራሕ አብ መንጎ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ትግራይ ምስ ውድቡ ብምፍልላይ ሕቖና እንድግፈሉ ዓንዲ ክንስእን ምግባር’ዩ።ቀልጢፍና እንተዘይ አሪምናየን ዶኾን የእትዋና ዝብልወን  ከም ጉዳይ መንነት ወልቃይት፣ አብ ኩዕሶን አብ ገለ ፋስቡካትን ካሊእን ዝቀላቐል ዘሎ ከባብያዊነትን ዝአመሰላ  ክሰርሑለን ክፍትኑ እዮም። ስለዝኮነ አብ ዓንድና ዝኮነ ውድብና ዝርአ ፍልሖን ፃፀን ባዕልና እንዳነገፍና ከም’ቲ ባዕልቶም ዝበሉና ‘ካብ ሓደ ፋብሪካ ዝወፀ ሓደ ዓይነት ሳሙና’ ዓይነት ከም ናይ ቀደምና ሓደ ኮይና ንለውጢ ንለዓል፣ፖለቲካዊ ዕጥቂ ንተዓጠቕን ንውፈርን።

አፍቲ ፅሑፍ ዝኮነ ደጋፊ ይኹን ነቓፊ ርኢቶ እንተሃልዩኩም ብናይ ፋስቡክን ኢ-ማይል አድራሻይ ንራኸብ።

Facebook- selam lekulu

e-mail - selamlekulu.heger@gmail.com የራኽበና።